# ኮ/ል ተኸስተ ሃይለ(ወዲ ሃይለ) መን'ዩ?

2ይ ክፋል

ወያናይ ነፍስ ሄር መለስ ዜናዊ ምስ ካልኣት መሳርሕቱ፣ ኣንጻር ህዝቢ ኤርትራ ብዙሕ ሽርሒታት ዝመሃዘ ሰብ'ዩ። እቲ ከም ሕቡእ መደባት ወይ እቲ ክኢልናዮ ኢሉ ከም ብእስትራተጂ ዝሓንጸጾ ውዲታት ብዙሕ'ዩ። ነቲ ክፋእ ማለት ኤርትራ ናይ ምብትታን ፕሮጀክት፣ ክብሪ ዘይብሎም ሕሱራት፣ ብርእሰ ምትሓት ዝሳቐዩ ስኑፋት፣ ብስስዐ ዝዓወሩ ድኹማት ንምርካብ ሰፊሕ ናይ  ምፍታሽ ጻዕሪ ዝብል ነበረ። እዚ ፕሮጀክት ኣብ መወዳእታ 1990ታትን ኣብ መጀመርያ 2000 ዓምን ዝተበገሰ'ዩ።  እቲ ሕልሚ ወይ ኣጀንዳ  ብዙሕ ሕቶታት ዝምልስ'ዩ። "ኤርትራ፣ ዳግም ናብ ኢትዮጵያ ንምምላስ እንታይ ይገበር? በየናይ መገድን ብኸመይ ዝኣመሰለ ስልቲ ክፍጸም ይከኣል? ኣብ ዝተናውሐን ዝተሓለለኸን ጉዕዞ ነቲ መደብ ዘተግብሩ ብዓል መን ይኹኑ?" ዝብል ብመጽናዕቲ  ክምርመር ተታሒዙ። በብግዜኡ ሰባት ንምዕሳብ ሰፍ ዘይብል ባጀት ተሰሊዑ። ነዚ መደብ እዚ  ከዐውቱና ይኽእሉ'ዮም ዝተባህሉ ሰባትን ዝተባህለ ሜላን ተመምዩ። ኣብ ምርጫ ቀንዲ መስርዕ ዝተዋህቦ፣ ነቲ ዕላማ ከተግብር ዝኽእል ባህርያት ሰባት ምጽናዕ ነበረ። ኣብዚ ሕርያ እዚ ዝኣተዉ ሰባት፡

- ናይ ሓሶትን ወረን ክእለት ዘለዎም
- ሕብረተሰብ ኤርትራ ብናይ ጥልመትን  ክሕደትን ዝኸሶ
- ንህዝቢ ኤርትራ ዘሰንበረ
- ትሕተ ሃገራዊ ስምዒት ዝዓበለሎ
- ትርፍራፋትን ናይ ፖለቲካ ነዳያትን
- ብብልሽዉናን ስርቅን ዝኸሰሰ ሰብ
- ዕላማን ራእይን ዘይብሉ ሰብ ወዘተ ዝብል ነበረ።

 እዚ እቲ ዝቐለለ መገዲ ናይ ምኽታብ ስለ ዝነበረ፣ ነዚ ዕላማ እዚ ክዉን ንምግባር፣ ፈለማ ብስዉር ድሓር ብቕሉዕ ክሰርሕሉ ተራእዮም። እዚ  ምስጢር ኣደባባይ ዝኾነ ኣገባብ ክታበት እዚ፣ ብዝተፈላለየ መገዲ ክሰርሕ ጸኒሑን ኣሎን። ኣብዚ መደባት እዚ፣  ዝኣትው ወይ ዝሕረ ሰብ  ምስዚ ባህርያት ዝተኣሳሰር ጠባያት ክህልዎ ናይ ግድን ኔሩ። በዚ ክታበት እዚ ዝተረኽቡ  ቁንጣሮታት ርዝነት ዝበሃል ዘይብሎም ሰባት'ዮም። እዚ ድሒረ ኣብ ዝስዕብ ክፋላት ብደቂቕ ምስዚ ንከታተሎ ዘሎና ምዕባለታት ብምትእስሳር ከቕርቦ'የ። ንሎሚ ግን፣ ኣብ ናይ ተኸስተ ሃይለ(ወዲ ሃይለ) ባህርያት ከተኩር'የ።

  ውልቀ ባህርያት (ወዲ ሃይለ)

 ብዙሓት ዜጋታት ካልኦት ሃገራት፣ ንኤርትራዊ፣ "ሓቐኛ እምበር ሎኽመኛ ኣይኮነን"  ኢሎሞ'ዮም ዝገልጽዎ። ናይ ብሓቂ፣ ሓሶት ኣብ ባህልን ልምድን ኤርትራዊ ሕብረተሰብ ኣዝዩ ፍንፉን ባህርያት'ዩ። "ሓሳዊ ዓዲ የጥፍእ" ዝብል ሓሳባት ንክብደት ናይቲ ነውሪ ንምግላጽ ዝጥቀሙሉ እዩ። ናይ ተኸስተ ሃይለ(ወዲ ሃይለ) ቀንዲ ጠባይ ዘይ ናይኤርትራዊ ባህሪ፣ ሓሶት'ያ። ዋላ'ኳ ንሓሶት ክእለት ዘድልዮ እንተኾነ፣ ወዲ ሃይለ ግን ዘይውሕሉል ሓሳዊ'ዩ።

ሓሶትን ስርቂን ምስ ሬሳ ሰብ እንተዘይተቐቢረን ዝግደፉ ወይ ተሓጺበን ዝጸርያ ልምዲ ኣይኮናን። ኣመል ምስ መግነዝ ዝብሃል ምስላ'ውን ካብዚ'ዩ ዝብገስ። ናይ ወዲ ሃይለ፣ ዓበይቲ ኣመላት ወይ መለለዪ ግን ንሰን'የን። ውጹእ ወይ ጻዕዳ ሓሶት'ዩ ዝኽእል። ሓሶት ብሓሶቱ፣ ክልተ ዓይነት ሓሶት ይመልኽ።

ወዲ ሃይለ፣ "ንዘይተሰርሐ ተሰሪሑ፣ ንዘይተዋዕለ ተዋዒሉ፣ ዘይተፈጸመ ተፈጺሙን ንዘይነበረ ኔሩ" ክብልን ክደጋግምን፣ ንሓሶት ኣፉ ዝበልያ ሰብ'ዩ። ናይ ሓሶት ለብላባት መልሓስ ኣለዎ። እቲ ካልኣይ ክእለት ሓሶት'ውን ምብጽጻሕ'ዩ። ብዙሓት መተዓብይቲ ብስልኪ ድኻታት'ዮም ዝጽውዕዎ። ካብ ሓደ ሰብ ናብቲ ካልእ ሰብ፣ ሓቂ ዘይብሉ ወረ የቀባብል። ንሰባት ብዘይወዓልዎን ዘይሓሰብዎን ጉዳይ፣ ኣርእስቲ የላኽዕ። ምልኻዕ ጥራይ ኣይኮነን። ኣብ ፊተ ፊት ሰብ ጉዳይን ጥፍጣፍ ከይነቐጸን፣ ንዝበሎ "ኣይበልኩን' ን "ዝተዛረቦ ኣይተዛረብኩን" ክብል ዘይስከፍ ሰብ'ዩ። ዘይ ናይኤርትራዊ ክብርታት! ሓደ እዋን "ዓይኒ ኣንቁሪ" ዝብል ሳጓ ወጺእዎ ኔሩ።

ባህሪ ሰብ ምስ መዕበያ ዝተኣሳሰር ምዃኑ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ባህላዊ ደርቢ ቀቢሩ ምስ ከባቢኡ መሲሉን ተመሳሲሉን ዝነበር ብዓቢኡ ዝቕየር ሰብ ብዙሕ'ዩ። ከም ሑጻ ምስ ዓተር ተጠጢቑ ዘይበስል ከኣ ዝሰኣን ኣይኮነን። ንምልዋጥ ውሽጣዊ ጽሬት ይሓትት'ዩ። ካብቲ ብዙሕ ውሑድ፣ ተሓጺቡ ዘይጸሪ ባህርያት ወዲ ሃይለ ክዝርዝር ግዜ ዝኣክል ኣይኮነን። ኩሉ ሰብ ክርድኦ ግን ከመይ ዓይነት ሰብ'ዩ ዝብል ሕቶ ምምላስ ከድሊ እዩ።

ከም ባህሪ ምትሪንጊ'ዩ። ሓያኺ ዘረባ ጥራይ'ውን ኣይኮነን። ካብቲ ብዙሕ ዓዘፍዘፍ ንእሽቶ ቁምነገር ስለ ዝርከብ። ወዲ ሃይለ፣ ምኒን ክሕውስ ዝኽእል ዓዳኹ'ዩ። ዝያዳ ኹሉ ከኣ ኣብ ዘይፈልጦ ጉዳይ ዝውጠም፣ ንዝፈለጦን ዘይፈልጦን ዛዕባ ከም ዋና ናይ ምዃን ልምዲ ዘለዎ'ዩ። ኣብ ዘይወዓሎ ቦታን ፍጻሜን ከም ዝወዓሎን ዝነበሮን ኮይኑ ናይ ምግላጽ ልምዲ ዘለዎ'ዩ። ወረ ሰሚዑ ነቲ ዝነገሮ ሰብ ክሕብር ድሕር ዝብል ኣይኮነን። እዚ መግለጺ ብውሑድ ምሉእ ሓሳባት ኣንፉቲ መለልዩ ንምግላጽ ዝቐርብ ዘሎ'ዩ። ነቲ ናይ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ግድፍ ኣቢለ ብዙሕ ካብቲ ኣነዋሪ ወይ ናይ ሎኽመኛዊ ጠባያት ክገልጽ እየ። ብዓቢኡ፣ ወያነ ነዚ ባህርያት መኣስ? ብመገዲ መን? ኣብ ከመይ ዝኣመሰለ ኩነታትን ሃዋሁን ወዘተ" ዝብሉ ሕቶታት ኣብ ዝቕጽል ክምልሶም'የ።

ተኸታተሉኒ።